
# ገበናት ስርዓታት ኢትዮጵያ ኣብ ኤርትራ
# ብምኽንያት ዝኽሪ 50 ዓመት - ህልቂት ኣስመራ
# (መበል 11 ክፋል)




ገበናት ስርዓታት ኢትዮጵያ ኣብ ኤርትራ ብምኽንያት ዝኽሪ 50 ዓመት - ህልቂት ኣስመራ ምስጓግ ኤርትራውያን ካብ ምስጓግ ኤርትራውያን ካብ ኢትዮጵያ ኢትዮጵያ ገለ ካብ ዓበይቲ ዕላማታት ንወያነ ብኣሽቀልቲ ዝተዋህቦ ወራር፡ ንመንግስቲ ኤርትራ ካብ ስልጣን ምእላይ፡ ቁጠባን ትሕተ-ቅርጺን ኣዕኒኻ ንህዝቢ ኤርትራ ኣብ ጸበባን ጥሜትን ኣወዲቕካ ሞራሉ ብምስባርን ብምርዓድን፡ ሓንቲ ብወኪል ወያነ እትመሓደር፡ ትርጉም ህላወ ዘይብላ ኤርትራ ክውን ምግባር እዩ ነይሩ።

በዚ ድማ፡ ወያነ ኲናት ድሕሪ ምእዋጁ፡ ሰላማዊ ህዝቢ ምርዓድን ምንብርካኽን ንብረቱ ኣዕኒኻን ዘሚትካን ምድካዩን ምምሳኑን፡ ካብ መነባብሮኡ ብዝተፈናቐለ ህዝቢ ቁጠባዊ ጸቕጢ ምፍጣር ስለዝነበረ ንሰላማዊ ህዝቢ ከም ኣካል ናይቲ ኲናት እዩ ጠሚቱዎ። ነዚ ዕላማታት'ዚ ንምትግባር፡ ስርዓት ወያነ፡ ድሕሪ ፍሽለት ቀዳማይ ወራሩ (ግንቦት-ሰነ 1998) ብቐጥታ ነቲ ከም ኣካል ናይቲ ኲናት ካብ ፈለማ ወጢንዎ ዝነበረ መደብ ምብራር ሰላማውያን ኤርትራውያን ካብ ኢትዮጵያ ንምትግባር እዩ ተጓይዩ። ብ12 ሰነ 1998 ድማ፡ ብመራኸቢ ብዙሓኑ፡ "ጸጥታዊ ስግኣት" ዝኾኑ ኤርትራውያን ካብ ስራሕ መንግስቲ ክስጐጉን ካብታ ሃገር ክባረሩን ምኳኖም፡ ሃገራዊ ኣገልግለቶም ወዲኦም ኣብ ኢትዮጵያ ክቕመጡ ዝጸንሑ "ልኡኻት ሻዕብያ" መንእሰያትን ዝተጣየሱ ተጋደልቲን ድማ ኣብ ትሕቲ ቁጽጽር

ክጸንሑ ምኳኖም ብወግዒ ምግላጹ ይፍለጥ። ገብሩ ኣስራት ኣብታ "ልኡላውነትና ደሞክራሲ በኢትዮጵያ" ዘርእስታ መጽሓፉ፡ ኣብ ገጽ 280 ነዚ ኣመልኪቱ ከምዚ ክብል ጽሒፉ ኣሎ፦ "ኣብቲ ግዜ'ቲ. . .ብዙሓት ኣብ ኢትዮጵያ ዝቕመጡ ዝነበሩ ኤርትራውያን ብስልኪን ብኣካልን ሓበሬታ እናሃቡ ናይ ኢትዮጵያ ሰራዊት ዝገብሮ ምንቅስቓስ ይጥቁሙ ነይሮም እዮም። . . . በዚ ምኽንያት ንሃገራዊ ድሕነት ተባሂሉ ኣብ መበል 11 ክፋል ኢትዮጵያ ዝነብሩ ናይ ሻዕብያ ወተሃደራዊ ስልጠና ዝወሰዱ ኤርትራውያን ብ6 ሰነ 1990 (14 ሰነ 1998) ኣብ ትሕቲ ቁጽጽር ከምዝውዕሉ ተገይሩ።" ገብሩ ኣስራት ብተወሳኺ ኣብ መጽሓፉ (ገጽ 280) ኤርትራውያን ክባረሩ ምስ ተወሰነ ብደረጃ ሃገርን ክልላትን ነቲ ስራሕ ዘተግብራ ኮሚቴታት ቆይመን ምንባረን፡ ብዓል ክንፈ ገብረመድህን፡ ተወልደ ወልደማርያም፡ ነጋሶ ጊዳዳ፡ ኣለምስገድ ገብረኣምላኽ፡ በረኸት ስምኦን ዝርከብዎም ላዕለዎት ሓለፍቲ ናይቲ ስርዓት ድማ ናይታ ብደረጃ ሃገር ዝቖመት ኮሚተ ኣባላት ከምዝነበሩ ይጠቅስ።

ብመንግስቲን በዛ ላዕለወይቲ ኮሚቴ ምብራር ኤርትራውያንን ኤርትራዊ መበቆል ዘለዎምን መምርሒ ምስ ተመሓላለፈ፡ ሓለፍቲን ካድረታትን ወያነ፡ ኣብ ኩሉ ከባቢታት ኢትዮጵያ፡ ኣውራ ኣብ ኣዲስ ኣበባ፡ ድሬዳዋ፡ ባህርዳር ካልኦት ዝተፈላለያ ከተማታትን ገጠራትን ክልላት ትግራይ፡ ኣምሓራ፡ ኦሮሞ፡ ደቡብ፡ ዓፈር፡ ሶማል፡ ኤርትራውያንን ኤርትራዊ መበቆል ዘለዎም ኢትዮጵያውያንን፡ ካብ ገዛውቶምን ኣብያተ ጽሕፈትን እንተላይ ካብ ኣብያተ ጽሕፈት ሕቡራት ሃገራትን ሕብረት ኣፍሪቃን ካልኦት ዓለምለኻውያን ትካላትን ናይ ስራሕ ቦታታትን ካብ ሆስፒታላት ከይተረፈ እናለቐሙ ምውጻእን ኣብ ቤት ማእሰርቲ ምድጓንን ስራሕና ኢሎም ተተሓሒዞም። በዚ ዓሌት ጥራይ እናጸብጸካ ዝፍጸም ዝነበረ፡ ለይቲ ለይቲ (መብዛሕትኡ ግዜ ካብ ፍርቂ-ለይቲ ክሳብ ሰዓት 5፡00 ወጋሕታ) ብኣዝዩ ኣርዓዲ ናይ ሽበራ ኣገባብ ሰባት ካብ ገዛውቶም እናለቐምካ ብምውጻእ ኣብ መዓስከራት ምድጓን፡ ምእሳር፡ ምቕጥቃጥ፡ ኣብ መወዳእታ ድማ ምብራርን ንብረቶም ምርሳይን ዘጠቓለለ ግፍዒ፡ ካብ ሰነ 1998 ክሳብ መጀመርታ 2000 ኣብ ዝነበረ ክልተ ዓመታት ልዕሊ 75,000 ኤርትራውያንን ኤርትራዊ መበቆል ዝነበሮም ኢትዮጵያውያንን፡ ሃንደበት ካብ ቤት ንብረቶም ተፈናቒሎም፡ ብሓንሳብ ኣብ ድኽነትን ከቢድ ቁጠባዊ ጸገምን ከምዝወደቑ፡ "ዜጋታት ንሰላም ኣብ ኤርትራ" ዝተባህለ ወለንታዊ ጉጅለ መጽናዕቲ፡ ነቶም ግዳያት ብኣካል እናረኸበ ዝኣከቦ

ሰፊሕን ዓሚቑን ሓበሬታ የረጋግጽ። (ፕሮፌሰር ኣስመሮም ለገሰ፡ The Uprooted ገጽ 25-39) ገብሩ ኣስራት፡ ኣብታ "ልኡላውነትና ደሞክራሲ በኢትዮጵያ" ዘርእስታ መጽሓፉ፡ ካብ ገጽ 280-281፡ ነቲ ዝፍጸም ዝነበረ ግፍዒታት ከመኽንየሉ እንከሎ ከምዚ ይብል፦ "ብወገነይ ኤርትራውያን ክባረሩ እንከለው ዝኾነ በደል ኣይወረዶምን ክብል ኣይክእልን እየ። እቲ ውሳነ ብመሰረቱ ቅኑዕ ይኹን'ምበር ኣብ ኣፈጻጽማኡ ብዙሕ ጌጋታት ዝነበሮ እዩ። ገለ ደለይቲ ጥቕሚ ኣስፈጸምቲ፡ ንኤርትራውያን እናፈራርሑ ጉቦ ይቕበሉ ምንባሮም፡ ጉቦ እናተዋህቦም ክባረሩ ዝግብኦም ሰባት እናትረፉ፡ ክባረሩ ዘይብሎም የባርሩ ከምዝነበሩ፡ እቶም ዝባረሩ ንብረቶም ክሸጡ እንከለው ተወዳዲቦም ብሕሱር ዋጋ ይገዝእሎም ምንባሮም፡ ጸኒሑ ተቓሊዑ እዩ።

. . . ገለ ላዕለዎት ሰበስልጣን፡ ኤርትራውያን ክባረሩ እንከለው ቪላታቶምን ትካላቶምን ከምዝገዝኡሎም ተራ ዜጋ ከይተረፈ ዝፈልጦ እዩ። ይኹን'ምበር ዝበዝሑ ናይ ህወሓት/ ኢህወደግ ኣመራርሓ ብሓደ ወይ ብኻልእ ምስ ኤርትራውያን ኣብ ዝተኣሳሰረ ወንጀል ጥሒሎም ብምንባሮም፡ 'ብመስትያት ኣብ ዝተሰርሐ ገዛ ዝነብር ብእምኒ ኣይጻወትን' ከምዝበሃል ዋላ ሓንቲ ክገብሩ ዝኽእሉ ኣይነበሩን።" ጃምላዊ ምስጓግ ኤርትራዊያን ካብ ኢትዮጵያ፡ ርኡይ ግህሰት ሰብኣዊ መሰል እኳ እንተነበረ፡ ግብረ-መልሲ ማሕበረስ-ሰብ ዓለም፡ ከምቲ ዝግባእ ስለዘይነበረ ስርዓት ወያነ ብዘይ ከቢድ ጸቕጢ ግፍዒታቱ ብስፍሓት ክቕጽሎ ኣተባቢዕዎ እዩ። ገለ ውሱንን ልኡምን ተቓውሞ ግን ነይሩ እዩ። ኣብ ውድብ ሕቡራት ሃገራት ላዕለወይቲ ኮምሽነር ሰብኣዊ መሰል፡ ሜሪ ሮቢንሶን ብ1 ሓምለ 1998 ኣብ ዝሃበቶ መግለጺ፦ "በቲ ኣብ ልዕሊ ኤርትራውያን ዝፍጸም ዘሎ ምግሃስ ሰብኣዊ መሰላት ብዘይ መጠን ተሻቒለ ኣለኹ። ብሕልፊ ከኣ፡ ኣብ ፓስፖርትታቶም ዝልጠፍ ዘሎ 'ተሰጒጉ እንደገና ክምለስ ኣይፍቀደሉን'ዩ ዝብል ማሕተም ኣዝዩ ኣተሓሳሲቡኒ። እዞም ተግባራት እዚኣቶም፡ ቅሉዓት ምግሃስ ናይቶም ኢትዮጵያ'ውን ዝፈረመትሎ ም ኣብ ውዕል ኣድማሳዊ መሰል ደቂ-ሰብ ከምኡ'ውን ኣብ ኣህጉራዊ ኪዳን ብዛዕባ ሲቪላዊን ፖለቲካዊን መሰላት ዝሰፈሩ መሰላትን ናጽነታትን እዮም።" ክትብል ማሕበረሰብ ዓለም ኢትዮጵያ ነቲ ተግባር ከተቋርጾ ጸቕጢ ክገብር ጸዊዓ ነበረት። ገለ ተጣበቕቲ ሰብኣዊ መሰል ዝበሃሉ ውድባትን ውልቀሰባትን እውን ተመሳሳሊ መግለጺታት የውጽኡ ነይሮም እዮም። ናትናኤል ክለይን ዝተባህለ ኣውስትራልያዊ ናይ ሕጊ ምሁርን ጠበቓ ላዕለዋይ

ቤት ፍርዲ ደቡብ ኣውስትራልያን ንኣብነት፡ እቲ ተግባር ምስቲ ኣብ ቅድሚ ካልኣይ ውግእ ዓለም ዝተፈጸመ ምስጓግ ኣይሁድ ካብ ናዚ ጀርመን ኣመሳሲሉ ገሊጽዎ። ንሱ ኣብ ከምዚ ዓይነት መደምደምታ ዝበጽሐ፡ ካብ ኢትዮጵያ ምስ ዝተሰጐ ልዕሊ 60 ኤርትራውያን ሰፊሕ ቃለመጠይቕ ብምክያድ፡ ናብ መንግስቲ ኣውስትራልያ ዝቐርብ 50 ገጻት ዝሓዘ ጸብጻብ ድሕሪ ምድላው፡ ብ9 መስከረም 1998 ንማዕከናት ዜና ኣውስትራልያ ኣብ ዝሃቦ መግለጺ እዩ። እዚ ውሱን መግለጺታት'ዚ ግን ምስቲ ስርዓት ወያነ ዝፈጸሞ ዝነበረ ኣዝዩ ከቢድ ግህሰት ሰብኣዊ መሰላት ዝዳረግ ኣይነበረን።

ጃምላዊ ምብራር ሰላማውያን ኤርትራውያንን ኤርትራዊ መበቈል ዘለዎም ኢትዮጵያውያንን ካብ ኢትዮጵያ፡ ስርዓት ወያነ “ጸጥታዊ ስግኣት” ኢሉ ከመኽንየሉ ነቶም ዝተገፍዑ ድማ “ሰለይቲ ሻዕብያ” ኢሉ ክጥቅኖም ፈቲኑ እኳ እንተነበረ፡ ዕላማ ናይቲ ምብራር፡ ምስ ጸጥታዊ ጉዳይ ዝኾነ ምትእስሳር ከምዘይነበሮ ንኹሉ ርዱእ እዩ ነይሩ። ምኽንያቱ 75,000 እሞ ከኣ ዝበዝሑ ቈልዓሰበይቲን ኣረጋውያንን ሰለይቲ ክበሃሉ ዝእመን ኣይነበረን። ዕላማ ናይዚ ጃምላዊ ምብራር ሰላማውያን እምበኣር፡ብመዳይ ስነኣእምሮ፡ ንኤርትራውያን ምርዓድን ምድሃልን፡ ብመዳይ ቁጠባ ድማ፡ ቀዋሚን ተንቀሳቓሲን ንብረቶምን ጥሪቶምን ናይ ባንክ ሕሳባቶምን ብምርሳይ ኣብ ድኽነት ከምዝሸመሙ ምግባር፡ ነቲ “ነዊሕ ኲናት ክጻወር ኣይክእልን” ተባሂሉ ዝተገመተ ቁጠባ ኤርትራ ድማ፡ ጥራሕ ኢዶም ብዝተባረሩ ዓሰርተታት ኣሽሓት ህዝቢ ተወሳኺ ጸቕጢ ፈጢርካ ንህዝቢን መንግስቲን ኤርትራ ምጭናቕ ምንባሩ ንጹር እዩ። እዞም ዝኣበስዎ ዘይብሎም፡ ግዳያት ናይዚ እኩይ ዕላማ ዝኾኑ ግን መን እዮም? ድሕረ ባይታኦም'ከ እንታይ ይመስል? ምርኣይ ንኣረሜንነት ናይቲ ስርዓት ኣጉሊሑ ስለዘርኢ ኣብ ዝቕጽል ጽሑፍና ብዝርዝር ክቐርብ እዩ።